# ቅዱስ ኣቡነ ፒዮስ
# ዘማኅበር ንኡሳን ኣኃው ካፑቺን

"ፓድረ ፒዮ" ካብ ግራጽዮ ፎርጆነን ማርያ ዲ ኑንጽዮን፡ ሰብ ቃል ኪዳንን ጸሎተይናታት ሥድራን፡ ብግንቦት 25፡ 1887 ኣብ ፔትረልቺና፡ ጥቓ በነቨንቶ ዚበሃል ከተማ ደቡባዊ ክፍሊ ዓዲ ጣልያን፡ ተወልዱ። ኣብ ጥምቀት ፍራንቸስኮ ዚብል ስም ኣውጽኡሎም።
ወዲ 15 ዓመት ምስ ኾኑ፡ ማለት ብጥሪ 6፡ 1903፡ ልብሲ ገዳም ማኅበር ንኡሳን ኣኅዋት ካፑቺናውያን ደቂ ቅዱስ ፍራንቸስኮስ ምስ ለበሱ፡ መጸውዒ ስሞም ናብ እኅው ፒዮ ተቐየረ። ድኅሪ ዓመት ብ"ዝለዓለ ደረጃ ድኹነትን ብፍጹም ንጽሕናን ብትሑት ተኣዝዞን ኪነብሩ ተመባጺዖም፡ ናብ ክህነት ዜብጽሕ ትምህርቲ ፍልስፍናን ንባበ መለኮትን ጀመሩ። ብነሓሰ 10፡ 1908 ድማ ንኣገልግሎት ክህነት ተላእኩ።

ብመስከረም 20፡ 1918 ብተኣምራታዊ መንገዲ ከም ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ቅንዋት-መስቀል ኢዶምን፡ እግሮምን፡ ኣፍ ልቦምን ቈሰለ። ቅድሚኦም፡ ታሪኽ ዝምስክረሉ ነዚ ትእምርቲ ኣብ ሰብነቱ ዝተራእየሉ፡ ካልእ ካህን የልቦን። ቤተክርስትያንን ማኅበር ካፑቺንን ዝኣዘዙሎም ካብ ምሉእ ዓለም ዝተዋጽኡ ምሁራት ሊቃውንቲ ነቑሳል ኣባ ፒዮ ዝተደጋገመ ባብዓይነቱ ዝኾነ መርመራ ኣካየዱ፡ እንተኾነ ኣመጻጽኣኡን፡ ምሕዋይ ምእባዩን ኪርድእዎን ኪገልጽዎን ኣይከኣሉን። እንተኾነ፡ ኣባ ፒዮ መዓልቲ መዓልቲ፡ ዳርጋ ን50 ዓመት በዚ ኣቑስልቲ ብዙሕ ይሳቐዩ ነበሩ፡ ብርጭቆ ኪመልእ ዚኽእል ደም ድማ ይወጾም ስለዝነበረ፡ ብጓንትን በጭቕርትን ኪሸፍንዎ ይግደዱ ነበሩ። ክልተ ወይ ሠለስተ መዓልቲ ቅድሚ ምማቶም ግን፡ ብሃንደበት ከም ኣማጻጽኡ ከማኡ ብሃንደት ምልክት ከይገደፈ ሓወየሎም።

ክህነታዊ ኣገልግሎቶም መብዛሕቲኡ ኣብ ገዳም ደብረ "እግዚእትነ ማርያም ምልእተ ጸጋ"፡ ኣብ ሳን ጆቫኒ ሮቶንዶ (ጥቓ ፎጃ) ኣሕለፍዎ። ለይቲ ምድሪ ተንሚኦም ኣብ ጸሎት ይኣትዉ፡ ድሕሪኡ ክልተ ሰዓት ዝወስድ ቅዳሴ ድጋም ቀዲሶም፡ ኣብ ኑዛዜን ኣብ ምጽንናዕ ሕዙናትን ይኣትዉ፡ ሰብኡትን ኣንስትን እናባራረዩ፡ ክሳዕ ለይቲ የናዝዙ ነበሩ።

ኣብ ሰዓታት ጸሎቶም ሰይጣን ብነፍስን ብሥጋን ኬውድቖምን፡ ኬሳቕዮምን ይፍትን ነበረ። ኣምላኽ ግና ብሕይወቶም ኣንከለዉ፡ ሕሉፍ መልእልተ ባሕሪያዊ ዝኾነ ኃይልታቱ ኣብኦም ኪግለጽ ስለዝፈተወ፡ ኣብ ዙሪያኦም ዚነብሩ ሰባት ኪበሃል ዘይከኣል ጥዑም ሽታ ዕንባባ ይሽትቶም ነበረ፤ ኣብ ሓደ እዋን ኣብ ክልተ በበይኑ ዝተረሓሓቐ ቦታ ይረኣዩ ነበሩ፤ ሓድሓደ ጊዜ ልቢ እቶም ኣብኦም ዚመጹ ሰባት - ገና ኣፎም ከይከፈቱ እንከለዉ - ይፈልጡ ነበሩ። ንብዙኅ ሰብ ናብ ኣምላኽ መሊሶምዎም፡ ንብዙኃት ድማ ካብ መንፈሳውን ሥጋውን ሕማም ኣሕወዩ። ኣብ ቀረባን ኣብ ርሑቕን ናብኦም ዚጽግዑ ዝነበሩ ሰባት ናብ ኣምላኽ ኪኀስዩ ኪብሉ፡ ሽዑኡ ዝጸሓፍዎ መልእኽትታት ክሳብ ሎሚ ንብዙሓት መንፈሳዊ መምርሒ ይኾኖም ኣሎ። ኣብዚ ናባና ዝበጽሐ ጽሑፋቶም ኣብ ልቦም ከም ሓዊ ዚቃጸል ዝነበረ ፍቕሪ ኣምላኽን ፍቕሪ ነፍሳትን ይግለጸልና።  ሎሚ እውን እንተኾነ፡ 33 ዓመት ድሕሪ ምማቶም፡ በብዓይነቱ ተኣምራት ብጸሎቶምን ረዲኤቶምን ተፈጺሙልና ዚብሉ፡ ብዙኃት ኣለዉ። ናብኦም ኪናዘዙ ኪብሉ፡ ኣገልግሎቶም ድሕሪ ምጅማሮም፡ ካብ ምሉእ ዓድ ጣልያንን ኤውሮጳን ካብ ኣመሪካን እስያን ኣፍሪቃን ሰባት ናብኦም ኪውሕዙ ጀመሩ፡ ካህናት፡ ጳጳሳት፡ ምሁራት ተመራመርቲ ሊቃውንቲ፡ ሰበ ሥልጣን ከይተረፉ ናብ ሳን ጆቫኒ ሮቶንዶ ይነግዱ ነበሩ።

ድኽነት ሕዝቢ  ክፍሊ ሃገሮም ተዓዚቦም፡ ካብ ምሉእ ዓለም ንዚመጽዎም ዝነበሩ ነጋድያን ገንዘብ ኣዋጺኦም፡ ክሳዕ ሎሚ ዝወዳደሮ ዘይብሉ ሓደ ዓቢይ ሆስፒታልን ሓደ ካልእ ፍሉይ ናይ ሕጻናት ሕክምናን መዕበዪ ዘኽታማትን ሃኒጾም፡ ብዉሩያት ሓኻይም ከምዚካየዱ ገበሩ። ብሕይወቶም እንከለዉ መቐበል ኣጋይሽ ዝተሠርሑ ሆተላትን ንመኳዓዚ ነጋድያን ዚኸውን ጽርግያታትን ንንኡስ ክፍሊ ሃገር ፎጃ ሃብትን ምዕብልናን ኣምጺኡሉ፡ ሳላ ኣባ ፒዮ ድኻታትን ርሱዓትን ዝነበሩ ኣማእት ሰባት ዕድል ሥራሕን ትምህርትን ረኺቦም፡ ሳን ጆቫኒ ሮቶንዶ ይኹን ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ቍሸታት ምስቲ ዝለዓለ ክፍሊ ሃገር ዓዲ ጣልያን ኪሥራዕ ክኢሉ።

ኣብ 81 ዓመት ዕድሚኦም ብ23 መስከረም 1968 ብሰላም ዓረፉ እሞ ኣብታ ን50 ዓመት ዘገልገልዋ ቤተክርስቲያን ብጽዕቲ ድንግል ማሪያም ምልእተ ጸጋ ብሰላም ዓረፉ። ኣብ ቀብሮም 100.000 ዚኾኑ ቀባሮ ተኻፈሉ፡ መቓብሮም ክሳብ ሎሚ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዚቁጸሩ ነጋዲኣን ይብጻሕ ኣሎ። እቲ ዝዓበየ ተኣምራት ግና፡ ናብ መቓብሮም ክሳለም ዝኸደ ሰብ ከይተነሰሐን ምስ ኣምላኽ ከይተዓረቐን ንሃገሩ ኣይምለስን።  ጸሎቶምን ኣማልድነቶምን ሎሚ እውን ንዓና ይርዳኣና፡ ጽልኢ ሓጢኣት የሕድረልና፡ ኣብ ኣገልግሎት ኃውና ትግሃት ዚሓድረና ይግበረና።